TIGRINYA
Mr. Marshall D. Orson, ኣቦ ወንበር ቦርድ
Mrs. Vickie B. Turner, ምክትል ኣቦ ወንበር
Mr. Stan O. Jester
Dr. Michael A. Erwin
Mrs. Allyson Gevertz
Mr. Diijon DaCosta
Dr. Joyce Morley

DeKalb County School District

Mrs. Ramona Tyson, ሱፐር ኢንተንዳንት

ጁን 19, 2020

ዝኸበርኩም ወለዲ፡ ተምሃሮ፡ ሰራሕተኛታትን ናይ ቦርድ ኣባላትን፡

ድሕሪ ናይ 33 ዓመታት ኣገልግሎት ካብ DeKalb County School District ኣብ ዝፋነወሉ ግዜ ብዝተገበረለይ ናይ ክብሪ መሰነይታ፡ ጥዑማት ቃላትን ሽርቑዋል ምሕቛፋትን ዝተሰመዐኒ ምስጋና ብቓላት ክገልጾ ኣይክእልን። ኣብ እዋን ጥሩታይ ምስ ባዕለይ እንታይ ከምዝገበር ዋላኳ ኣይፍለጥ፡ እንታይ ክኸውን ከምዝኽእል ንምፍላጥ ግን ኣዝዩ ተሃንጥዩ ኣለኹ።

ናብ እዚ ሓድሽ ናይ ሂወተይ ምዕራፍ ኣብ ዝቃረበሉ እዋን፡ ኣብ ናይ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲታት ዝነበረኒ ኣገልግሎት ዝፈጠረለይ ጦብላሕታ ነቲ ናይ ትምህርቲ ስርዓት ብዝከኣል መጠን ንተምሃሮ ዕዉት ኣብ ምግባር እነበርክቶ እጃም ክንደየናይ ኣገዳሲ ከምዝኾነ እዩ።

ኣብ እዚ ጉዳይ እዚ ኩላትና ብሓደ ኣለና። ወለዲ:መምህራንን ርእሰ መምህራንን፡ ብዘይካ ናታትኩም ንቑሕ ድጋፍ፡ ተሳትፎ ን ሞሳን ክንክውኖ ኣይንኽእልን ኢና። በይዛኹም፡ ስራሕትኹም ን ደቅኹም ጥራሕ ኣይትግበሩዎ። ምስ ናይ ደቅኹም መምህራንን ርእሰ መምህራንን እትገብሩዎ ንቑሕ ድጋፍን ተሳትፎን ዕውትነቶም ኣብ ምርግጋጽ ኣድለይቲ እዮም። እቶም ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝወሃቡ ትምህርቲታት ኣብ ገዛ ዝጠናኸሩ እዮም፡ስለምንታይ እሲ፡ ትምህርቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ደወል ኣብዝተደወለሉ ሰለዘይውዳእ።

ተምሃሮ ናብ ቤት ትምህርቲ ክምጹ እንከለዉ ሒዘምዎ ዝመጹዎ ናይ ትምህርቲ ጽምኣት ንምጭፍላቑ ዘይከኣል እዩ። ተምሃሩ ተምሃሩ፡ ተምሃሩ! ኣዚ ዓለም ትምህርቲ ንምቁራጽ ዓብዪ እዩ። ንሕና፡ ድሕሪ ካብ ካልኣይ ደረጃን ኮሌጅን ንምረቕ ብዙሕ ዓመት ዝሰራሕና፡ ምምሃር ኣቋሪጽና ኣይንፈልጥን። ምምሃር ምስ ዕብየት፡ምግፋሕን ዕድልን ማዕረ እዩ። ን ትምህርቲ ዘለኩም ጽምኢ ፈጺምኩም ኣይትጨፍልቑዎ።

ኣብዚ ኣጸጋሚ ዝኾነ ዓመት ተመረቕቲ ዝኾንኩም ነባራት፡ እዚ ሃንደበታዊ ጸገም ተዓጻጻፍነት ኣምሂርኩም እዩ። መጠንቀቕታ ኣብ ዘይብሉ ምሽክርካርን ምዕራይን ተምሂርኩም ኢኹም። ተዓጻጻፍነትን ኣወንታዊ ኣረኣእያን ኣብ ሂወት እቶም ኣርሒቖም ዝወስድኹም ኣገደስቲ ባህርያት እዮም።

ን ሰራሕተኛታት፡ ንስኹም ማለት ዘይተደረፈልኩም ጀጋኑ ኢኹም። ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ናይ ጥዕና ክንክን ሰብ ሞያታት COVID-19 ኣብ ማሕበረሰብ ዘለዎ ዝርጋሐ ኣብ ምግታእ ብዝሰርሑዎ ስራሕ ናእዳ ይረኽቡ ኣለዉ። ይኹን ደኣምበር፡ ንስኹም፡ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ፡ ካብ ዓመት ናብ ዓመት፡ደኺሙና ከይበልኩም ነዚ ሓዱሽ ወለዶ ክተምህሩን ክትመርሑን እትሰርሑን ዘለኹም፡ ናተይ ጀጋኑ ኢኹም። ኣብ ስራሐይ ዘረኽብኩዎ ንኡሽተይ ዓወት እንተሃልዩ፡ ንሱ ሻላ እቲ ን ናይ ቤት ትምህርቲና ቆልዑ ዘነበረኩም ተገዳስነት ናይ ኣመሃህራን ትምህርቲን ጥበብ እዩ።

ናይ ቦርድ ኣባላት፡ ንዝነበረኩም ህዝባዊ ግልጋሎት፡ ተገዳስነትን ናይ ቤት ትምህትና ቆልዑ ዓወት ዝነበረኩም ጠመተ የመስግነኩም።

ንኹላትኩም.፡ ነተን 33 ዘደንቓ ዓመታት፡ የመስግነኩም!